ዜና ካብ ውሽጢ ሃገር

13.12.2009

እቲ ብዉልቀ ዝካየድ ዘሎ ናይ ወርቕ ዕደና ኣብ ከባቢ ሃይኮታን ከባቢኡን ሰጊሩ ኣብ ባዓል ሰብደራትን ከባቢኡን እዉን ብኤርትራዉያን ጥራይ ዘይኮነ ብሱዳናዉያን እዉን ይካየድ ኣሎ። ካብ ኣዉስትራልያ ንዱባይ፡ ካብ ዱባይ ድማ ንሱዳን ኤሎክትሮኒክ መፈተሽ ወይ መዳህሰሲት ወርቕ Minelab GPX-4500 (metaldetector) ብ 45 ሚልዮን ናይ ሱዳን ገንዘብ ወይ $15000.-- ዶላር እንዳተገዝኤ ናብዚ ከባቢታት ይዋፈር ከምዘሎ ተፈሊጡ ኣሎ። መንግስት ሱዳን ክፍሊ ጁምሩክ ነዘን ዳህሰስት ወርቕ ንከይኣትዋ እኳ እንተኸልኸለ፡ ብምጣኔ ሃብታዊ ብልሽዉናታት ዘዕለቕለቐ መንግስቲ ስለዝኾነ ይኣትዋ ኣለዋ። ክሰብ ሕጂ ከምዜኤን ዓይነት ዳህሰስት ወርቂ ድማ 17 ንሱዳን ኣትየን ኣለዋ። ብሕጂ ንክኣትዋ ድማ 5 ኣብ ዱባይ ኣለዋ።

እቲ ባህርያዊ ሃብቲ ምዝመዛ ጥራይ ኣብ ዜጋታት ዚተወሰነ ኣይኮነን ሱዳናዉያን እዉን ዝናጣጠፍሉ ዘለዉ እዩ።